**ኣስሓኮ ንዘይብሎም ሽቃጦ፡**

ሽቃጦ ዓድና ጉዶም ጠፊኡና፡
ልዕሊ ህዝቦም ዘፍቅሩ ስስዕና፡
ብሰንኪ ኮሮና ክብሉና ዋጋ ወሲኹና።

ከም ዓለቕቲ መጻዩ ደም ከብቲ፡
ትንፋስ ዘሕጽር ከይበልዕ ከይሰቲ፡
ብምንታይ ይፍለዩ’ዞም ናይ ህዝቢ ዓለቕቲ።

ኮሮና ትማል ዝመጸ ካብ ቻይና፡
መዓስ ዝነበረ’ዩ ኣብ ሞንጎኦም ዝምድና፡
ዕድል ተረኺቡስ ኣንሂሮሞ ዕዳጋና፡፡

ኣብ ስጋ ከም ዘሎ ሽንፍላ፡
ኣብ ሱዋ ነይስኣን ሓተላ፡
ሽቃጦና ናይ ኮሮና ቀቢላ፡፡

እዞም ዓመጽቲ ጉሒላ ንጉሒላ፡
ጥዑይ ተሳኢኑ ፈውሲ ማሕላ፡
ዕጽፍታት ክሸጡዎ ዝመሸመሸ መሸላ።

በየናይ ሞራል በየናይ ሕሊና፡
በየናይ ሕጊ በየናይ ፍልስፍና፡
ምንዛር ዋጋታት ተኣሳሲሩ ምስ ኮሮና።

ህዝብና ተሸጊሩ ከይልከም ብለበዳ፡
ገንዘቡ የወፊ ሃገር ከይትኣቱ ኣብ ዕዳ፡
ሽቃጦና ይጓየዩ ክረብሑ ዝያዳ።

እዚ ካብ ኮነ ጨካን ተግባራቶም፡
ብዘይ ወዓል ሕደር ይተሃገር ንብረቶም፡
ይወሰድ ስጉምቲ ዘይርሳዕ ኣብሂወቶም።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር

**መተሓሳሰቢ፡** እዚ ነቶም ስሱዓት ድኣንበር ነቶም ብሕጊ ተማእዚዞም ዝሸጡ ኣይምልከትን።